## *መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ ?*
(7ይ ክፋሊ)
## *ማዕርነት መራሕቲን ተራ-ተጋደልቲን?*

ኣብ ግዜ "ምዝላቕ" መትከኽቲ ሽጋራ ምትካኽ ከቜርጹ ብርቱዕ ጸቕጢ ይግበረሎም ነበረ። ጥሜትን ዕርቃንን እኺ ለሚድናዮ ነበርና። ግና ንነፍሲ-ወከፍ ተጋዳላይ ሰለስተ ሽጋራታት ንመዓልቲ ይዕደልኣ ነበራ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ግና ዝህቦ እምበር ዝቕበሎ ነገራት ስለ ዘይቆጽር ኣንጻር ምእንቲ ሃገሮም ክቐትሉን ክቕተሉን ተጠው ዝበሉ መትከኽቲ ሽጋራ ዘመተ ጀመረ። መጀመርታ ቁሩብ ኣዋርሕ ቅድሚ "ምዝላቕ" "ድኻ ውድብና ብዙሕ ገንዘብ ንሽጋራ መዐደጊ ተውጽእ ስለ ዘላ" ብምባል፡ ኣትከኽቲ፡ ብንቕሓት ምትካኽ ከቜርጹ ትሓተ። ቁሩባት እውን ምትካኽ ኣቜረጹ። ብድሕሪኡ "እቶም ብንቕሓት ምትካኽ ዘየቜረጹ ተበለጽቲን ፈተውቲ ነብሶምን ኢዮም።" ብምባል ምትካኽ ከቜርጹ ዘመተ ተኻየደ። እዚ ዘመተ እዚ እናተኻየደ ከሎ ክኣ መራሕቲ ካብ ሰለስተ ሽጋራ ንላዕሊ ንመዓልቲ የትክኹ ነበሩ። ንኣብነት ሓደ ግዜ ሰሜናዊ ግምባር ድሕሪ ምፍራሱ፡ ኣብ ከባቢ ኳንደባ ወይ ደፈረ ኮይና ኣኼባ ቦጦሎኒ ገበርና።

ሓደ መራሒ ጋንታ ከም "ሓደ ክልተ ሰለይቲ ምህዳም እንተ ዘይጅምሩ እሞ እንተ ዘይንስዕ ቦም ኣይ መንስሓብናን ነቢርና" ወዘተ.....ብምባል ናብ ኣርእስቲ መትከኽቲ ሽጋራ ቀጸለ። ኩሉ ዘረባ መሸኽቲን ዕቡያትን ክኣ ተዛረቦ። ግና ብቋንቋ እንግሊዝ "ዘራብኻ ክሰሞየ ኣይክኣልኩን ግብርኻ ስለ ዘጽመመኒ።" ወይ ክኣ ብትግርኛ "ካብ ኣፍ ሲ ግብሪ ይዛረብ።" ከም ዝብሃል፡ እዚ መራሒ ጋንታ ኣብ ኣስታት ናይ ሓደ ሰዓት ዝኸውን ዘረብኡ ባኮ ሽጋራ እትኪኹ ወድአ። ብዙሓት መትከኽቲ ጸቕጢ ስለ ዝተግብረሎም ምትካኽ ከቋርጹ ተገደዱ። ግና ብዙሓት ክኣ ዘትክኹ ነበሩ።

ክልተ ፍሉጣት ተላመድቲ ምትካኽ ሽጋራ ክኣ ነበሩና። ኣስማቶም ክኣ መራሕ ሓይሊ ኢብራሂም ዓሊን (ሳን ሽሪፎ) ተራ ተጋዳላይ ጸሃየ (ሳን ራሻይዳ) ነበሩ። ናይ ክልቲኦም ናይ ትውልዲ ዓመት ኣስታት 1953 ኣቢሉ ይኸውን።ሓደ ሳልሳዮም ተዋሳኢ ተኳቢ ትኪ (ካብ ሽጋርኡ ትኪ ክስሕብ ዘፍቅድ ዝነበረ) ተጋዳላይ ረዘነ ምዓሾ (ወዲ ሞዕሽ) ነበረ። ረዘነ ኣብ ሳልሳይ ወራር፡ ኣብ ዒላ ጻዕዳ፡ ኣብ ናይ ለይቲ ህጁም፡ ብርቱዕ መቑሰልቲ ቆሲሉ ነበረ። እንተ ዘይተሰዊኡ ኣካሉ ጎዲሉ ይኸውን ቢለ ይግምት።

ኢብራሂም ዓሊን ራሻይዳን፡ መትከኽቲ-ሽጋራ ምትካኽ ኣቋርጹ ፡ክብሃል ከሎ፡ ኣብ ሰሜናዊ ግምባር ምትካኽ ሽጋራ ጀመሩ። ራሻይዳ ተራ ተጋዳላይ ብምንባሩ ምሸት ምሸት ይንቀፍ ነበረ። ምንቃፍ ክብል ከሎኹ ክኣ ናይ ኣእምሮ-ሽበራ psychological intimidation ማለተይ ኢየ። ኢብራሂም ግና መራሒ ሓይሊ ብምንባሩ እታ ሓይሊ ኣብ ኣኼባ ትገብረሉ ጥራሕ ይንቀፍ ነበረ። እታ ሓይሊ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ እንተትኣኪባ ብዙሕ ነበረ። ምኽንያቱ ኣብ ዘይርጉእ ግዜ ንክትእከብ ኩነታት ኣይፈቕዶን ነበረ።ብተወሳኺ ጸሃየ ብመራሕቲ ክግረፍ ከሎ ኢብራሂም ግና ኣይግረፍን ነበረ። ኢብራሂም ሽጋራ ክዕደል ከሎ ጸሃየ ግን ሽጋራ ይልምን ነበረ። መራሕቲ፡ ንጸሃየ ትኪ-ሽጋራ ክስሕብ ዘፍቀደሉ ወይልኡ ቢሎም መጠንቀቕታ ስለ ዝሃቡ ጸሃየ ህልኽ ሒዙዎ ቆጽልታት ጠቕሊሉ እውን የትክኽ ነበረ። ግና ረዘነ ክኣ "ኣነ ለማኒ ሽጋራ ስለ ዝኾንኩ ክተኩብ እውን ድሉው ኢየ።" ብምባል ንጸሃየ ካብ ሽጋርኡ ክስሕብ የፍቅደሉ ነበረ። በዚ ምኽንያት እዚ መራሕቲ ንረዘነ ክኣ ኣብ ወድጋን ክወቕዎ ጀመሩ።

ሓደ ግዜ ኣኼባ ቦጦሎኒ ገበርና። ቁሩባት ሰባት ክኣ ንኢብራሂም ምትካክ ከቜርጽ ተላበውዎ። ኣብዚ ግዜዚ በራኺ፡ ኮሚሽነር ሓይሊ፡ ንኢብራሂም ብምድጋፍ ከምዚ ዝስዕብ ዘረባ ተዛረበ። "ብጻይ ኢብራሂም ምትካኽ ክላመድ ዝጀመረ ኣብ ባጽዕ ኢዩ (*ልክዕ ኣብ ሰሜናዊ ግምባር ኢዩ*)። ባጽዕ ምስ ሓዝናዮ ብዙሕ ስቴካታት ሽጋራ ስለ ዝዘመትና ኢብራሂም ሽዑ ንሕና ኣናርኣናዮ ምትካኽ ክላመድ ጀመረ። ክሳብ ወልፊ ዝትሓዝ ንሕና ኣይነቐፍናዮን። ስለዚ እቲ ነቐፌታ ንዓና ኢዩ ዝግባእ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኢብራሂም ከትክኽ ብወግዒ ተፈቒዱሉ ኢዩ።ሽጋራ ክዕደል ኢዩ። ዋላ ሓደ ሰብ ክኣ ክነቅፎ ኣይፍቀደሉን ኢዩ።" ብምባል እቲ ኣርእስቲ ከም ዝትዓጽወ ኣፍለጠ። ግና ሓደ ክልተ ሰባት መመላእታ ኣሎና ብምባል ነቲ በራኺ ዝበሎ ከም መሰኻኽር ኮይኖም ደገምዎ። ካብዛ ምዓልቲ ንድሓር ኢብራሂም እውን፡ ምትካኽ ኣቜርጽ ቢሉ ምስ ካልኦት መራሕቲ ሓቢሩ ንጸሃየ ይወቕዮ ነበረ።

ሓደ ናይ 1973 ተጋዳላይ ዝነበረ ከምዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ሃበኒ
ኣብ መጀመርታ ናይ 1973 ካብ ሊብያ ብዙሕ ሽጋራታት ንሜዳ መጺኡ ነበረ። ተጋደልቲ ክኣ ሽጋራ ምትካኽ ብመንገዲ ጥዕና ኮነ ብመንገዲ ቁጠባ ጎዳኢ ስለ ዝኾነ ከቋርጽዎ ተሰማምዑ። ኣብ ብዝሒ ሽጋራ ዝነበሮ ግዜ ምትካኽ ምቁራጽ ይሓይሽ ብምባል ክኣ ኣብዚ ግዜ እዚ ከቋርጹ መደቡ። ግና እቶም መሪሕነት ብለይቲ ካብ ኣሃዱታቶም ርሒቖም ትሓቢኦም የትክኹ ነበሩ።በዚ ምኽንያት ክኣ እቲ ስምምዕ ፈረሰ።

ካልእ ኣብነታት መራሕነትን ተራ-ተጋደልቲን ማዕረ ከምዘይነበሩ ዘረድእ እውን ኣሎ። ብልሽውና እውን ነቢሩ ኢዩ።
ኣብ ውግእ በለዛ መስርዕና ካብ ሰላሳ ኣባላት ሾብዓተ ተጋደልቲ ጥራሕ ተሪፎማ ነበሩ። ሓካይም ክኣ ውሑዳት ተረፉና። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ሓንቲ ጽብቕቲ ዝመልክዓ ሓኪም ጋንታ ናይ ቦጠሎኒ ራዲዮ ኦፐረተር ክትከውን ተሳሕበት። ኣነ ብወገነይ ሓካይም ኣብ ዝውሕዱሉ ግዜ ሓካይም ናብ ኦፐራተር ክትቅይር ንጽህና ዝነበሮ ስራሕ ኣይመስለኒን።

መራሒ መስርዕ ተስፉ ጎይትኦም፡ ስልጣኑ ብምምዝማዝ ኣብ ሰሜናዊ ግምባር ንሓንቲ ተጋዳሊት ኣጥነሳ። ባዕሉ ከምዝነገረና ክኣ ንሱ ንዕኣ ኣብ ወሰን ድፋዕ ይምድባ ነበረ። ብለይቲ ከይዱ ክኣ ይጋሰሳ ነበረ። ንሳ ክትሓርስ ምስ ከደት ክኣ ንካልእ ተጋዳሊት ምጉዝጓዝ ምስ ኣብዝሓላ ያዕ ዝብልዎ ተረኺቡ እሞ ናብ ጥንሲ ኣይበጽሐትን። ካድራት ከምህሩና ከሎዉ ግብረ-ስጋ ብሞት ይቕጻዕ በሉና። ተስፉ ግን ንሽሙ ክነንፋሑኹ ኢና ቢሎም ሓደ ክልተ ግዜ ወሰድዎ። ተስፉ ጅግና ዘይምራሻኑ ብወገነይ ከም ለባም ውሳኔ ይርእዮ። ሓንቲ ሕርኽርኽ ትብለኒ ነገር ግና፡ እቲ ናይ ሞት ፍርዲ ድኣ ንኣነን ዝኸማይን ኣንስቲ ኣንተተጋሰስና መፍረዲ ዝተመደበ ዶ ይኸውን?

መራሒ መስርዕ ተስፉ ጎይትኦም ብርቱዕ ተዋጋኣይ ነበረ። ምህዳም ኽኸውን ከሎ፡ ንሽኻትኩም ህደሙ ኣነ ጉልባብ ክገብር ኢየ፡ ቢሉ ድሕሪ ኩሉ ይተርፍ ነበረ። እቲ ንሱ ዝትኩሰሉ ብሬን ግን ካልኦት ተጋደልቲ ኢዮም ዝውልውልዎን ዝስከምዎን ነቢሮም። ኣብ ግዜ ውግእ ግን ንሱ ተኲሲ ንሳቶም ክኣ ትሓጋገዝቱ ይኾኑ ነበሩ።

ተራ ተጋዳላይ ኣብ ግዜ ቀትሪ ቁሩብ ምንቅስቓስ ክገብር ከሎ፡ ኣንታ ጃሱስ ብነፋሪት ክተውቅዓና ኢኻ ይብሃል ነበረ። መራሕቲ ግና ስዓቶም ብልጭልጭ እናበለ፡ ናይ ራድዮ ኣንቴና ዘርጊሖም (ብልጭልጭ ዝብል) ተጠሊያም ይንቀሳቐሱ ነበሩ።
ካልእ ግቡእካ ፈጺምካ መሰልካ ሕተት ዝብል ትእዛዝ ነበረ። ቃል ንቃሉ ክትርእዮ ከሎኻ እንተዘይሜትክን ጥዕና ኣሎክን ኢዩ። ግና ናይ ሓቂ ትርጉሙ፡ ግቡእካ ፈጽም። መሰል ኣይትሕተት ነበረ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ሌ እቲ መሰል ዝብል ቃል ክሰሞዑ እውን ድሌት ኣይነበሮምን ሕጂ ኣውን ክሰምዕዎ ኣይደልዩን ኢዮም።

መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ሌ ብንግሆኡ ጀሚሩ ንውርደትን ጥፋኣትን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ነቒሉ።
እቲ ዘሕዝን ግና፡ ንሱ ንግሆ ንግሆ ዝተፈላለዩ ወገናትን ጉጅለታትን ኤርትራ፡ ጸላእትና ኢዮም ቢሉ ክእውጅ ከሎ፡ ኩሉ ግዜ፡ እዚ ውድብ ናህና ኢዩ ዝብሉ ደገፍቲ ዝረከቡ ምንባሩን ምህላዉን ኢዩ።

ህ.ግ.ሓ.ሌ ማለት ቃል-ኪዳን ናይ እሳተ-ጎመራን ሕማም ኣይድስን ንምብራስ ኤርትርውያን ማለት ኢዩ። ዕሱባት መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ሌ ምዓልቶም ኣኺሉ ኢዩ። ናቕፉን ኤርትራን ጉሒፎም፡ ኤርትራውያን ኣብሪሶም፡ ዶላር ኣኻኺቦም ናብ ዓዲ ልኣኽቶምን ምናልባት እውን ዓ ዳቶም ዝምለሱሉ ግዜ በጺሕና ንርከብ። እዚ ኣብ ታሪኽ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ዓንቀጽ ተወዲኡ፡ ኣብቲ ደምና ዝፈሰሶ ቦታታት ሓቢርና ዕምባባታት ክንተኽለሎም ተስፋ ይገብር።

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትናን “ሰለይቲ” ተባሂሎም ዝተቐትሉ ኣሕዋትናን
ሰላምን ፍትሒን ንህዝብናን እሱራትናን

**ውድቀት ንልጅ ኢሳያስን ደቀ መዛሙርቱን**
**ኣእምሮ ነቶም ኣብ ትጥሕል ዘላ መርከብ ኢሳያስ ተሰቒሎም ዘለዉ**

**ይቕጽል።**
**ሓጎስ ወልዱ**

knzareb@gmx.de